# ትምህርትን ስልጠናን

ስርዓተ ትምህርቲ
ግድነታዊ(መሰረታዊ) ትምህርቲ
ሞያዊ ትምህርቲ(ስልጠና) / ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ/
ዩኒቨርሲቲታት / ዩኒቨርሲታት ግብራዊ ስነ ፍልጠት
ንዲፕሎማ ኣፍልጦ/ተቐባልነት ምሃብ

# ስርዓት ትምህርቲ

ስርዓት ትምህርቲ ስዊዘርላንድ ቀጻሊ ሰብኣዊ(ብሕታዊ) ዕቤት ከምዝህሉ ብምግባር እዩ ዝልለ። ሞያዊ ስልጠና ኣዝዩ ኣገዳሲ ዋጋ ኣለዎ። ተወሳኺ ትምህርቲ ወይ እውን ኣብ ዩኒቨርሲቲታት(ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ) ንክንመሃር መሰረት ይኾነና እዩ።

## ኣቃውማ(ቅርጺ) / ሓላፍነታት

ኣብ ስዊዘርላንድ ኣብ መንጎ ሰለስተ ተኸታታሊ ደረጃ ትምህርቲ ፍልልይ ኣሎ፡

- ግዴታዊ ትምህርቲ (መሰረታዊ ትምህርቲ፡ መዋእለ ሕጻናት፡ መባእታ ቤት ትምህርቲ፡ ከምኡውን ታሕተዋይ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ /ጁንየር) (Volksschule: Kindergarten, Primarschule und Sekundarstufe I | L'école obligatoire, y compris l'école enfantine)
- ሞያዊ መሰረታዊ ትምህርቲ ወይ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ (ላዕለዋይ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ / ሃይስኩል (Sekundarstufe II | Degré secondaire II)
- ዩኒቨርሲቲታት ግብራዊ ስነ ፍልጠትን ዩኒቨርሲቲታትን ዝለዓለ ሞያዊ ትምህርትን ስልጠናን (Tertiärstufe | Degré tertiaire)

መንግስቲ ነዚ ሰለስተ ደረጃታት እዚ ብሓላፍነት የመሓድሮ፡ እቲ ዕዮታትን ሓላፍነታትን ከኣ ኣብ መንጎ ኮንፌደሬሽን፡ ካንቶንን ምምሕዳራት ከባቢ(ከተማ) ይከፋፈል። ስለዚ ኣብያተ ትምህርትን ስርዓተ ትምህርትን ኣብ መንጎ ካንቶናት ክፈላለ ይኽእል እዩ።

ናይ ብሕቲ መዋእለ ሕጻናትን ኣብያተ ትምህርትን እውን ኣሎ ። ኣብ እተወሰነ ኩነታት ናይ ብሕቲ ትምህርቲ ይከኣል እዩ።

## ግዴታታት(ግቡኣት) ትምህርቲ

ኣብ ካንቶን በርን ግድነታዊ ትምህርቲ11ዓመት ይወስድ። መብዛሕትኡ ግዜ እቲ ቆልዓ ወዲ 4 ዓመትምስ ኮነ እዩ ዝጅምር። ውሉዳት(ቆልዑት) ብዘይ ምሕባርን ብዘይ ምኽንያትን ኣብ ቤት ትምህርቲ እንተ ዘይተኻፊሎም(ዘይተማሂሮም) እቶም ወለዲ ብገንዘብ ክቕጽዑ ይኽእሉ እዮም። ሓደስቲ ዝመጹ(ዝሰፈሩ) ነዊሕ ዘይገበሩ ክሳዕ 16 ዓመት ዝዕድሚኦም መንእሰያት ኣብ ስሩዕ ቤት ትምህርቲ ክመሃሩ(ክኣትዉ) ኣለዎም። ኣብ ዝኸይድ ዘሎ ዓመተ ዓመት ትምህርቲ እውን ከይተረፈ ኣብ ግድነታዊ ቤት ትምህርቲ (obligatorische Schule | école obligatoire) ናይ ምእታው መሰል ኣለዎም። ኣብ መንጎ ፈረንሳይን ጀርመንን ዝዝረበሉ ክፋል እቲ ካንቶን ንኣሽቱ ፍልልያት ኣሎ። ብዛዕባ መዋእለ ሕጻናት ኮነ ናብ ትምህርቲ ምእታው(ምስታፍ) ተወሳኺ ሓበሬታ ካብ ምምሕዳር ከባቢ(ከተማ) ወይ ካብ መርበብ ሓበሬታ(ወብ ሳይት) ናይቲ ቤት ትምህርቲ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

## ድሕሪ ግድኔታዊ ትምህርቲ ዝወሃብ ትምህርቲ (ስልጠና)

ግድኔታዊ ትምህርቲ ምስ ወድኡ ዳርጋ ክሎም መንእሰያት ተወሳኺ ስልጠና(ትምህርቲ) ይመሃሩ። ብዙሕ ኣማራጺታት ኣለዎም። ሓበሬታ ክትረኽበሉ እትኽእሉ ዝበለጸ ቦታ ማእከል ሞያዊ ምኽርን ሓበሬታን እዩ (BIZ |OP)። ብፍላይ መንእሰያት መብዛሕትኡ ግዜ መሰረታዊ ናይ ሞያ ስልጠና እዮም ዝመርጹ (Berufslehre | Apprentissage)። መሰረታዊ ናይ ሞያ ትምህርት(ስልጠና) ጸኒሑ ዝለዓለ ናይ ሞያ ትምህርትን ስልጠናን ንኽንረክብ የኽእለና። እቶም ኣብ እዋን ስልጠናኦም ወይ ድሕሪኡ ናይ ሞያዊ ሰርቲፊኬት(ሞያ ባካልዩሬት) (Berufsmaturität | Maturité professionnelle) ዝወድኡ ጸኒሖም ኣብ ዩኒቨርሲቲ ግብራዊ ስነ ፍልጠት (Fachhochschule | Haute école spécialisée) ክካፈሉ(ክመሃሩ) ይኽእሉ እዮም። ዳርጋ 20 ሚእታዊት ዝኾኑ መንእሰያት ናይ ካልኣይ ደረጃ ማትሪክ(ናይ ካልኣይ ደረጃ መልቀቒ ሰርትፊኬት) (gymnasiale Maturität | Maturité gymnasiale) ይዛዝሙ፡እዚ ሰርትፊኬት እዚ ከኣ ብቐጥታ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ንኽመሃሩ መሰል(ዕዳል) ይህቦም።

## ምወላ ንትምህርቲ

ብምወላ ንትምህርቲ ብዙሕ ገንዘብ ዘይብሎም ሰባት ክመሃሩ ወይ ኣብ ሞያዊ ስልጠና ክሳተፉ ይኽእሉ እዮም። እዚ ኸኣ ድሕሪ ግድነታዊ ትምህርቲ ንዝወሃብ ስልጠና ዝኸውን ደገፍ እዩ። ኣብ ካንቶን በርን ዝነብሩ ወጻእተኛታት እውን ካብ ምወላ ትምህርቲ ክጥቀሙ ይኽእሉ እዮም። ይኹን እምበር እዚ ኣብ ዜግነትን መንበሪ ፍቓድ እቲ ተመሃራይ ወይ ወለዲ እዩ ዝምርኮስ። ተወሳኺ ሓበሬታ ካብ ክፍሊ ህያባት(ወፈያታት) ትምህርቲ ምምሕዳር ካንቶን ክርከብ ይከኣል እዩ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-bern.ch/ti/school-and-education/education-system

# ግድነታዊ(መሰረታዊ) ትምህርቲ

ግድነታዊ (መሰረታዊ) ትምህርቲ ንቆልዑ ናብ ተወሳኺ(ዝለዓለ) ትምህርቲ ከቐጽሎም ወይ ከእትዎም ዘኽእል መሰረታዊ ትምህርቲ ይህብ። ህዝባዊ(መንግስታዊ) ኣብያተ ትምህርቲ ብናጻ(ብዘይክፍሊት) ትምህርቲ ይህባ።

## ምዝገባ ቆልዓ/ተማሃራይ

ምምሕዳር ከተማ(ከባቢ) ንህዝባዊ ኣብያተ ትምህርቲ ብሓላፍነት የመሓድርዎ(የካይድዎ)። ንቆልዓ ኣብ ቤት ትምህርቲ ምእንቲ ክምዝገብ ኣብ ምምሕዳር ከተማ(ከባቢ) ሕተቱ ወይ ብቐጥታ ናብቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝርከብ ምምሕዳር ቤት ትምህርቲ ሕተቱ/ተወከሱ።

## ደረጃታት ትምህርቲ

ግድነታዊ(መሰረታዊ) ትምህርቲ ኣብ ሰለስተ ተኸታተልቲ ደረጃታት ይኽፈል፡

- ቀዳማይ ደረጃ ንመዋእለ ሕጻናትን (Kindergarten | Ecole infantine) ነተን ቀዳሞት ክልተ ዓመት ናይ መባእታ ቤት ትምህርትን ዘጠቓለለ እዩ (Primarschule | Ecole primaire)። መዋእለ ሕጻናት መብዛሕትኡ ግዜ 2 ዓመት እዩ ዝወስድ። ብተወሳኺ ሓደ ሞዴል መሰረታዊ ደረጃ ዝበሃልውን ኣሎ (Basisstufe | Cycle élementaire)። ኣብዚ ኣብ ዝተፈላለየ ክሊ ዕድመ ዝርከቡ ቆልዑ ብሓባር ይመሃሩ።
- ማእከላይ ደረጃ ካብ ን3ይ ክሳዕ 6ይ ክፍሊ መባእታ ቤት ትምህርቲ ዘጠቓለለ እዩ። ቤት ትምህርቲ ንወለድን ተመሃሮን(ቆልዑን) ኣብ 5ይ ክፍሊ ብዛዕባ ናብ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ናይ ምትሕልላፍ መስርሕ ይሕብሮም።
- ላዕለዋይ ደረጃ (ጁንየር) (Sekundarstufe I | Degré secondaire I) 3 ዓመት ይወስድ። ኣብ ላዕለዋይ ደርጃ ትምህርቲ ሰለስተ ዝተፈላለየ ዓይነት ትምህርቲ ኣሎ (ሪል ሹለ፡ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ከምኡውን ኣብ ገለ ምምሕዳራት ፍሉይ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ኣሎ)። እዚኣን ዝተፈላለየ ናይ ብቕዓት መለኪዕታት(ኣሰራርሓ) ኣለውን።

- ጀርመን ወይ ፈረንሳይ ዘይዛረቡ(ዘይመልኩ) ቆልዑት ኣብ ኩሉ ደረጃታት ፍሉይ ደገፍ ይወሃቦም እዩ።
- ብዛዕባ ግዴታዊ ትምህርቲ ዝገልጽ ዕሙቕ ዝበለ ሓበሬታ ኣብ ዝተፈላለየ ብሮሹራት ክርከብ ይከኣል እዩ።

## ህዝባዊ(መንግስታዊ) / ብሕታዊ ቤት ትምህርቲ

ኣብ ህዝባዊ(መንግስቲዊ) ኣብያተ ትምህርቲ ብናጻ ይምህራ። ኣወዳትን ኣዋልድን ብሓባር ኣብ ሓደ ክፍሊ ይመሃሩ። ትምህርቲ ካብ ጸግዒ እምነት(ሃይማኖት) ነጻ እዩ። መብዛሕትኦም ቆልዑን መንእሰያትን ግዴታዊ ትምህርቶም ኣብ ህዝባዊ ቤት ትምህርቲ ይዛዝሙ (95 %)። ናይ ብሕቲ ኣብያተ ትምህርቲ'ውን ኣሎ። ወለዲ ንደቆም ኣብ ናይ ብሕቲ ኣብያተ ትምህርቲ ከምህርዎም እንተደልዮም መብዛሕትኡ ግዜ ወጻኢታቶም ባዕሎም ክኸፍልዎ(ክሽፍንዎ) ኣለዎም።

## መሰላትን ግዴታትን(ግቡኣትን) ወለዲ

ቤት ትምህርቲ ንወለዲ ብዛዕባ ውዕሎ ትምህርቲ፡ ብዛዕባ ንጥፈታት ውሉዶም(ደቆም) ክሕብሮም ግዴታ ኣለዎ። ነዚ ዕላማ እዚ ዝርርብ ቤት ትምህርቲ( ኣብ መንጎ መምህራንን ወለድን)፡ መዓልቲ ወለዲን ( ሓበሬታ ቤት ትምህርቲ ንወለዲ/ወለዲ ምሸት ) ከምኡውን ናይ ሓበሬታ ፍጻመታት ክካየድ ይግበር እዩ። እዚ መብዛሕትኡ ግዜ ንወለዲ ግድነት እዩ። ክልቲኦም ወለዲ ክሳተፉ ዘይክእሉ ተኾይኖ ክሕብሩ ኣለዎም። ግን ከኣ ወለዲ ነቲ ሓበሬታ ብኸመይ ከም ዝረኸብዎ'ውን ክሓቱ ኣለዎም። ኣገዳሲ ውሳነታት (ንኣብነት፡ ምሕላፍ ናብ ማእከላይ ደረጃ ) ምስ ወለድን ውሉድን(ተመሃራይን) ይዝተየሉ እዩ። ወለዲ ንውሉዶም ኣዘውቲሩ ትምህርቲ ከም ዝመሃር ናይ ምግባር ሓላፍነት ኣለዎም። ቆልዑ(ተመሃሮ)ትምህርቲ ክመሃሩ ዘይክእሉ እንተ ኾይኖም (ንኣብነት ብሰንኪ ሕማም) ወለዲ ንቤት ትምህርቲ ክሕብሩ ኣለዎም። ብዘይካዚ ደቅኹም ዕዮ ገዛ ክዓዩ ወይ ንፈተና ክዳልዉ እንተ ደልዮም ኣብ ቤቶም ህድእ ዝበለ ቦታ ከም ዘለዎም ከተረጋግጹ ኣለኩም። ወለዲ ንዕዮ ቤት ትምህርቲ ኣዘውቲሮም ብምክትታልን ተገዳስነት ብምርኣይን ንደቆም ክድግፍዎም ይኽእሉ እዮም። ንስርዓት ትምህርቲ ስዊዘርላንድ ንዘይተላለይዎ(ንዘይፈልጥዎ) ሰባት ብጀካ ብጀርመን ብዝተፈላለየ ቋንቋታት ዝወሃብ ፍሉይ ናይ ሓበሬታ ርክብ/መደብ ኣሎ።

## ሕቶታት /ደገፍ ሓገዝ

ወለዲ ብዛዕባ'ቲ ቤት ትምህርቲ ሕቶታት ምስ ዝህልዎም ፈለማ ምስ መምህር (ሓላፊ ክፍሊ) ክራኸቡ ኣለዎም። ወለዲ ደገፍ(ሓገዝ) ዘድልዮም እንተ ኾይኑ'ውን እቲ መምህር ክሕግዞም ይኽእል እዩ። ብዘይካዚ እቲ መምህር ነቶም ወለዲ ፈለማ(ኣቐዲሙ) ይውከሶም እቲ ውሉድ ገለ ነገር ከም ዘድልዮ ወይ ገለ ሕቶታት ከም ዘሎ ኮይኑ እንተ ተሰሚዕዎም። ብሓፈሽኡ ወለዲ ምስ መምህራን ክራኸቡን ምሳኣቶም ብቐረባ ክዓዩን(ክሰርሑን) ኣድላይ እዩ። ስነ ኣእምሮኣዊ ወይ ማሕበራዊ ጸገማት ከጓንፈኩም ከሎ ትምህርታዊ ኣማኻሪ ንቈልዑን ንወለዶምን ብናጻ ክሕግዘኩም ይኽእል እዩ (Erziehungsberatung | Service psychologique pour enfants et adolescents)።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-bern.ch/ti/school-and-education/compulsory-education

# ሞያዊ ትምህርቲ(ስልጠና) / ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ/

ግድነታዊ(መሰረታዊ) ትምህርቲ ምስ ተማህሩ(ወድኡ) መብዛሕትኦም መንእሰያት መሰረታዊ ሞያዊ ስልጠና(ትምህርቲ) ክቕጽሉ ይመርጹ። ኣብ ዩኒቨርሲቲ ክመሃሩ ንዝደልዩ መብዛሕትኡ ግዜ ናይ ካልኣይ ደረጃ ማትሪክ ክፍተኑ(ክገብሩ) ኣለዎም። እዚ ኸኣ ምስ ናይ ሞያዊ ስልጠና(ትምህርቲ) እውን ክግበር ይከኣል እዩ።

## ኣገዳስነት ስልጠና

ኣብ ስዊዝ ጽቡቕ ትምህርትን ሞያ ዘለዎ ቦታን(ሂወት) ኣዝዩ ኣገዳሲ ትርጉም ኣለዎ። መንእሰያት ግዴታዊ ትምህርቲ ምስ ተማህሩ ንሞያኦም ጽቡቕ ናይ መበገሲ ቦታ ምእንቲ ኽህልዎም ዝተፈላለየ መገድታት (ኣማራጺታት) ተኸፊቱሎም ኣሎ (ካልኣይ ደረጃ/ሃይ ስኩል)። ብዘይ ተወሳኺ ስልጠና(ትምህርቲ) ጽቡቕ ስራሕ ንምርካብ ኣጸጋሚ እዩ። ማእከል ሞያዊ ምኽርን ሓበሬታን Die Berufsberatungs- und Informationszentren (BIZ | OP) ንመንእሰያትን ወለድን ብዛዕባ ትምህርትን ተወሳኺ ስልጠናን ብናጻ ምኽሪ ይህብ እዩ። ነዚ ሓላፍነት ዘለዎ ኣካል ምምሕዳር ካንቶን፡ ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃን ቤት ጽሕፈት ሞያዊ ስልጠናን እዩ (Mittelschul- und Berufsbildungsamt| Office des écoles moyennes et de la formation professionnelle)።

## ሞያዊ መሰረታዊ ስልጠና

ግዴታዊ(መሰረታዊ) ትምህርቲ ምስ ተማህሩ(ወድኡ) መብዛሕትኦም መንእሰያት ሞያዊ ስልጠና ክቕጽሉ ይመርጹ (Berufslehre | Apprentissage)። ኣብ ሞያዊ ስልጠና መንእሰያት ነቲ ኣብ ሓደ ትካል ዘሎ ሞያ ብግብራዊ ክእለት ይመሃሩ ከምእውን ኣብ ናይ ሞያ ቤት ትምህርቲ ክልሰሓሳብ(ትዮሪ) እውን ይመሃሩ እዮም። ንክመርጹ ልዕሊ 250 ሞያታት ኣለዉ። ምያዊ ስልጠና(ትምህርቲ) ካብ 2 ክሳዕ 4 ዓመት ይወስድ። መንእሰያት ኣብ ሓደ ትካል ሞያዊ ስልጠና ባዕሎም ክደልዩ(ከናድዩ) ኣለዎም። እቲ ምድላይ ካብተን ናይ መወዳእታ ክልተ ዓመታት ግዴታዊ ትምህርቲ እዩ ዝጅምር። ቤት ትምህርቲ ንመንእሰያት ዝሕግዞም እኳ እንተ ኾነ ኣብ ደገፍ ወለዶም እውን ይምርኮሱ እዮም። ከምኡውን ማእከል ሞያዊ ምኽርን ሓበሬታን Die Berufsberatungs- und Informationszentren (BIZ | OP) ንመንእሰያት እተፈላለየ ኣገልግሎት ይህቦምን ብናጻ የማኽሮምን እዩ። ሞያዊ ስልጠና ዝወድኡ መንእሰያት'ውን ኣብ እዋን ሞያዊ ስልጠና ወይ ድሕሪ ሞያዊ ስልጠና ሞያዊ ሰርቲፊኬት (ባካልዮሬት) (Berufsmaturität | Maturité professionnelle) ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም። እቲ ናይ ሞያ ባካልዮሬት (ሰርቲፊኬት) ዩኒቨርሲቲ ስነ ፍልጠት(Fachhochschule | haute école spécialisée) ንኽትረክብ የኽእል።ኣብ ስዊዘርላንድ ንዝርከቡ ብዙሓት ሞያታት ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ(ሃይስኩል) ንኽትውድእን ኣብ ዩኒቨርሲቲ ንኽተጽንዕን ኣየድልን እዩ ።

## ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ

ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ(Mittelschulen|Ecoles moyennes) ሰፊሕ ሓፈሻዊ ትምህርቲ ይህባ። እዘን ኣብያተ ትምህርቲ ንተመሃሮ ኣብ ዩኒቨርሲቲታት ወይ ዩኒቨርሲቲታት ግብራዊ ስነ ፍልጠት (Fachhochschulen | Hautes écoles spécialisées) ንዝወሃብ ኣካዳምያዊ ስልጠና(ትምህርቲ) የዳልዎኦም። ኣብ መንጎ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ ብናይ ካልኣይ ደረጃ መልቀቒ ፈተና ሰርትፊኬት ማለት ግምናዝያለ ማቱሪታት (gymnasiale Maturität | maturité gymnasiale) እተዛዘመን ብናይ ሞያ ሰርትፊኬት ማለት ፋኽ ወይ በሩፍስ ማቱሪታት (Fach - oder Berufsmaturität | maturité professionnelle) እተዛዘመን ፍልልይ ኣሎ። እቲ ናይ ግምናዝያለ ማቱሪታት(ናይ ካልኣይ ደረጃ መልቀቒ ፈተና ሰርትፊኬት) ብዘይ መእተዊ መርመራ ናብ ዩኒቨርሲቲታት ንኽትኣቱ የኽእል። እቲ ናይ ፋኽ ወይ በሩፍስ ማቱሪታት(ናይ ሞያ ሰርትፊኬት) ብዘይ መእተዊ መርመራ ናብ ዩኒቨርሲቲታት ግብራዊ ስነ ፍልጠት ንኽትኣቱ የኽእል። ይኹን እምበር ዩኒቨርሲቲታት ግብራዊ ስነፍልጠት ነቶም ግምናዝያለ ማቱሪታት(ናይ ካልኣይ ደረጃ መልቀ ቒ ፈተና ሰርትፊኬት) ዘለዎም ሰባት እውን ክፉት እዩ፡ ዩኒቨርሲቲታት እውን ነቶም ናይ ፋኽ ወይ በርዩፍስ ማቱሪታት (ናይ ሞያ ሰርትፊኬት) ዘለዎም ሰባት (ብመእተዊ መርመራ) ክፉት እዩ። ኣብ ገሊኡ መዳያት ተወሳኺ መዐቀኒ ብቕዓታት ኣሎ።

## መሰጋገሪ ድልድል ኣቕርቦታት

መሰጋገሪ መደባት ግድነታዊ ትምህርቲ ምስ ወዳእካ ከም መደባት ግዝያዊ ፍታሕ እዩ (Brückenangebote | Solutions transitoires)። ዕላምኡ ነቶም ገና ሞያዊ ስልጠና ዘይረኸቡ ወይ ንሞያዊ ስልጠና ወይ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ብዝሓሸ መገዲ ኽዳለዉ ንዝደልዩ መንእሰያት እዩ። ግድነታዊ ትምህርቲ ምስ ተማህሩ ናብ ስዊዝ ዝኣተዉ ወይ ዝመጹ መንእሰያት እውን ኣብ መደባት መሰጋገሪ ክካፈሉ ይኽእሉ እዮም። እቲ ቀንዲ ዕላማ ናብ ስራሕ ዓለም ንምእታው እዩ። መሰጋገሪ መደባት ንመንእሰያት ፕራክቲኩም(መለማመዲ ሞያ) ወይ ሞያዊ ስልጠና ንኽረኽቡ ይሕግዝ። ተገዳስነት ዘለዎም ምስ ቤት ጽሕፈት ናይቲ ኣብ ካንቶን በርን ዝርከብ መሰጋገሪ መደባት ወይ ምስ ናይ ማእከል ሞያዊ ምኽርን ሓበሬታን (BIZ | OP) ክራኸቡ(ክውከሱ) ኣለዎም።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-bern.ch/ti/school-and-education/vocational-education-and-training--middle-school

# ዩኒቨርሲቲታት / ዩኒቨርሲታት ግብራዊ ስነ ፍልጠት

"ስዊዘርላንድ ሰለስተ ዓይነት ዝለዓለ ትምህርቲ ኣለዋ፡ ዩኒቨርሲቲታት፡ ዩኒቨርሲታት ትምህርቲ ንምምህርና፡ ዩኒቨርሲታት ግብራዊ ስነ ፍልጠትን። ብናይ ወጻኢ ካልኣይ ደረጃ ምስክር ወረቐት(ባካልዩሬት) ክትኣቱ እንተ ደሊኻ ብቐጥታ ኣብቲ ዩኒቨርሲቲ ክትሓትት ኣሎካ።"

## ላዕለዋይ ደረጃ ስርዓተ ትምህርቲ

ዩኒቨርሲታት(ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ) ስዊዘርላንድ ኣብ ዩኒቨርሲታት፡ ፌደራላዊ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ተክኖሎጂ፡ ዩኒቨርሲታት ትምህርቲ ንምምህርና፡ ዩኒቨርሲታት ግብራዊ ስነ ፍልጠትን ተመቒሉ ኣሎ (Tertiärstufe | Degré tertiaire)። ኣብ ዩኒቨርሲታት ግብራዊ ስነ ፍልጠት ምምሃር ኣብ ግብሪ(ልምምድ) ዘተኰረ እዩ፡ ኣብ ዩኒቨርሲታት ምምሃር ዝያዳ ኣብ ክልሰ ሓሳብ ዘተኰረ እዩ። እዘን ዓይነት ኣብያተ ትምህርቲ ማዕረ ደረጃ ኣለወን ብመሰረት ስርዓተ ኣውሮጳዊ ቦሎኛ ድማ ተሃኒጸን (ተወዲበን)። እዚ ድማ በቲ ኣብ መላእ ኣውሮጳ ተፈላጥነት ዝረኸበ ናይ ባችለር ወይ ማስተር ዲግሪ እዩ ዝዛዘም።

## መእተዊ (ናብ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ)

ከከም ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ (ዩኒቨርሲቲ) ዝተፈላለየ ንመእተዊ ዘድሊ ረቛሒታት ይስርሓሉ። ናይ ስዊዘርላንድ ምስክር ወረቐት (ባካልዩሬት/ማቱራ) ናብ ዩኒቨርሲቲታት ክትኣቱ ውሕስነት ኣለዎ። ናይ ወጻኢ ምስክር ወረቐት (ባካልዩሬት/ማቱራ) ኣብ ኩሉ መዳያት ኣይፍልጡን(ኣይቅብሉን) እዩ። ኣብ ዩንቨርሲቲ ምእንቲ ክትኣቱ ብቀጥታ ናብቲ ክትመሃረሉ(ክተጽንዓሉ) እትደሊ ዝለዓለ ትምህርቲ(ዩኒቨርሲቲ/ዩኒቨርሲቲ ግብራዊ ስነ ፍልጠት) ከተመልክት(ክትሓት) ኣሎካ። ብሓፈሽኡ ክርአ ኸሎ ኣዝዩ ጽቡቕ ናይ ጀርመን ወይ ናይ ፈረንሳይ ክእለት የድሊ። ካብዚ ብዝተፈልየ ኣብ ገለ ብእንግሊዝ ምሉእ ብምሉእ ዝቐርብ ዓይነት መደባት ትምህርቲ(መጽናዕቲ) እውን ኣሎ። እቲ ኣብ ዩኒቨርሲቲታት በርን (ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ) ዝርከብ ማእከል ምኽሪ ብዛዕባ እቲ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ትምህርቲ(Tertiärstufe | degré tertiaire) ክህሉ ዝኽእል ዝተፈላለየ ተኽእሎታት ብናጻ ሓበሬታ ይህብ።

## ዝለዓለ ሞያዊ ስልጠና

ኣብ ርእሲ(ጎድኒ) ዩኒቨርሲቲታት(ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ) ዝለዓለ ሞያዊ ትምህርትን ስልጠናን ነቲ ኣብ ስዊዘርላንድ እትረኽቦ ትምህርቲ ንምድንፋዕ ህቡብ(ተፈታዊ) መገዲ እዩ። ክኢላታት ክእለቶም ንከመሓይሽዎን ንከዕምቑዎን ከምኡውን ናይ ምምሕዳር ዕዮ ንኽዓዩን የኽእሎም። ዝለዓለ ናይ ሞያ ትምህርትን ስልጠናን ካብ መሰረታዊ ናይ ሞያ ስልጠና (Berufslehre | Apprentissage) እዩ ዝቕጽል(ዝብገስ)። ማእከል ሞያዊ ምኽርን ሓበሬታን (BIZ | OP) ብዛዕባ ዝተፈላለየ ኣመራጺታት ሓበሬታ ይህብ እዩ ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-bern.ch/ti/school-and-education/universities--universities-of-applied-sciences

# ንዲፕሎማ ኣፍልጦ/ተቐባልነት ምሃብ

ኣብ ስዊዝ ናይ ወጻኢ ዲፕሎማታትን ዲግሪታትን ኩሉግዜ ቅቡላት ኣይኮኑን። ይኹን እምበር ኣብ ገለ ኩነታት ዲፕሎማ ኣፍልጦ ክወሃቦ ይኽእል እዩ። ንገለ ሞያታት ዲፕሎማኻ ኣፍልጦ ክተውህቦ ግድን እዩ።

## ኣፍልጦ ምሃብ ንዲፕሎማ

ኣብ ስዊዘርላንድ ናይ ወጻኢ ዲፕሎማ ዘለዎም ሰባት ኣብ እተወሰነ ኩነታት ንዲፕሎምኦም ተቐባልነቱ ከረጋግጹ ኣለዎም። እዚ ኣፍልጦ ናይ ወጻኢ ዲፕሎማ ወይ ዲግሪ ምስ ዲፕሎማ ወይ ዲግሪ ናይ ስዊዘርላንድ ዳርጋ ማዕረ ምዃኑ የረጋግጽ። ነቶም ብሕጊ/መምርሒ ዝተወሰኑ ሞያታት (ንኣብነት ኣለይቲ ሕሙማት፡ መምህራን....ወዘተ) ተቐባልነት ዲፕሎም ኣድላይ እዩ ከም ሞያ ንክትነጥፈሎም ። ዝተፈላለያ ትካላት(ወኪላት)ንዝተፈላለየ ሞያ ወይ ስልጠና ተፈላጥነት ንምሃብ ሓላፍነት ኣለዎን። ኣፍልጦ ምሃብ የኽፍል እዩ (ብነጻ ኣይኮነን)። ሓፈሻዊ ሕቶታት ብዛዕባ ንናይ ወጻኢ ዲፕሎማ ኣፍልጦ ምሃብ ዝምልከት ሃገራዊ ቤት ጽሕፈት ትምህርትን፡ ምርምርን ምህዞን (Staatssekretariat für Bildung, Forschung und Innovation SBFI | Secrétaire d'État à la formation, à la recherche et à l'innovation SEFRI) ሓላፍነት ኣለዎ።

## ምርግጋጽ ደረጃ (ንምስክር ወረቐት)

ን ብሕጊ(መምርሒ) ዘይተወሰኑ ሞያታት ኣብ ስዊዘርላንድ ንምስራሕ ኣፍልጦ ምሃብ ንዲፕሎማ ወይ ንዲግሪ ኣየድልን እዩ። ነዞም ሞያታት ናይ ደረጃ ምስክር ወረቐት ክወሃቦም ክሕተት ይከኣል እዩ (Niveaubestätigung | Attestation de confirmation de niveau)። እዚ ንናይ ወጻኢ ዲፕሎማ ኣብ ስርዓተ ትምህርቲ ስዊዘርላንድ ዘለዎ ቦታ(ዋጋ) የርኢ ። እዚ መረጋገጺ እዚ ስራሕ ንምርካብ ክሕግዝ ይኽእል እዩ ። ብዛዕባ መረጋገጺ ደረጃ ዝገልጽ ሓበሬታ ካብቲ ንዲፕሎማ ኣፍልጦ ዝህብ ሃገራዊ ትካል ክርከብ ይከኣል እዩ(Nationale Kontaktstelle für Diplomanerkennung | Point de Contact national pour la reconnaissance de diplômes) ወይ ካብ ማእከል ሞያዊ ምኽርን ሓበሬታን ክርከብ ይከኣል እዩ BIZ (Berufsberatungs- und Informationszentren BIZ | Centres d'orientation professionnelle OP)።

## ብቕዓት ሞያ ኣማዕብል (ንዝዛዘምካዮ ሞያ)

ናይ ስራሕ ተመክሮ ዘለዎም ኣባጽሕ(ዓበይቲ) ግን ከኣ ተፈላጥነት ዘይብሉ ዲፕሎማን ዲግርን ዘለዎም ኣብ ስዊዘርላንድ መሰረታዊ ናይ ሞያ ትምህርቲ ወይ ዝለዓለ ናይ ሞያ ስልጠና(ትምህርት) ከማዕብሉ/ደጊሞም ክመሃሩ ይኽእሉ ኢዮም። ዝኾነ ኹይኑ ጽቡቕ ፍልጠት ቋንቋ ጀርመንን ፈረንሳን ቀንዲ ረቛሒ እዩ። (ደረጃNiveau B1/B2 nach GER). ግዱሳት ንኣብነት ካብ ማእከል ሞያዊ ምኽርን ሓበሬታን BIZ (BIZ|OP) ብዘይ ክፍሊት ሓበሬታን ምኽርን ክትረኽቡ ትኽእሉ። እቶም ናይ ሞያ ትምህርትኹም ዘማዕበልክሞ(ዝደገምኩሞ) ኣብ ስራሕ ዓለም ዘለኩም ዕድል ይመሓየሽ፡ ንተወሳኺ ስልጠና እውን መእተዊ ትረኽቡ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-bern.ch/ti/school-and-education/recognition-of-qualifications